## ሰላማዊ ሰልፊ ንረብሓ መን?
## ንህዝቢ ኤርትራ'ዶ ወይስ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት?

**ክፍሊ ዜናን ባህልን**
**ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ**
**12 ለካቲት 2010**

እዛ ንናጽነት፡ ፍትሒ፡ ማዕርነትን ሰላምን ንልዕሊ 30 ዓመታት ዝተቓለሰትን ማእለያ ዘይብሎም ደቃ ዘሰውኣትን ኤርትራ ብራዕድን ሽበራን ክትክሰስ፡ ዘየሕዝንን ዘየሐምምን ኣይኮነን። እቲ ፈታው ሰላምን ሕግን ዝኾነ ህዝባ፡ ብሰሪ ፖሊሲታት ናይ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብዓይኒ ጥርጠራ ክጥመት ውን ዝያዳ ዘሻቕልን ዘተሓሳስብን ጉዳይ ምዃኑ ርዱእ ኢዩ።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ግን፡ ጌና ብጌጋታቱ ዝተኣመነ ኣይመስልን'ዩ ዘሎ። ብኣንጻሩ፡ ነቲ ክፍጽሞ ዝጸንሐ ጌጋታት ብምቕጻል፣ ኣብ ደገ ንዝርከቡ ደገፍቱ፡ ነቲ ብሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ ተነቢሩ ዘሎ ማዕቀብ ንምቅዋም ንዕለት 22 ለካቲት 2010 ሰላማዊ ሰልፍታት ክገብሩ ይጉስጉሶም ኣሎ። ሰላማዊ ሰልፊ ምግባር መሰረታዊ መሰል ናይ ወዲ ሰብ ስለዝኾነ፡ ብሰላማዊ ሰልፊ ርእይቶኻ ምግላጽ ነውሪ ኣይኮነን። ግን፡ እዚ ሰላማዊ ሰልፊ ንረብሓ መን'ዩ? ንረብሓ ህዝቢ ድዩስ ወይስ ንረብሓ ዲክታቶርያዊ ስርዓት? ህዝቢ ብናይ ገዛእ ርእሱ ዕግበት ዘካይዶ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ድዩ ወይስ ተደፊኡ ምፍላጥ ኣገዳስነት ኣለዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ደገፍቲ ስርዓት ኢሳያስ ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ኤርትራ፡ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ፣ ርእይቶታቶ ብናጻ ክገልጹ፡ ከምዘይክእሉ ኣዐርዮም ይፈልጡ ኢዮም። ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ መሰላቶም ክኽበረሎም ሰላማዊ ሰልፊ ዝገበሩ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻልን ውጉኣት ሓርነትን እንታይ ከምዝበጽሖም ዘይፈልጥ ኤርትራዊ ዜጋ ዘሎ ኣይመስለናን። ቅዋም ይተግበር ጥራሕ ዝብል ጠለብ ዘቕረቡ መራሕቲ ህግደፍ ነበርን ጋዜጠኛታትን ኣብ ሃለዋቶም ዘይፍለጠሉ ኣብያተ-ማእሰርቲ ተዳጒኖም ምህላዎም ውን ናይ ኣደባባይ ምስጢር ኰይኑ ኣሎ። መንእሰያት ኤርትራ፡ ንደረት ዘይብሉ ባርነታዊ ወፍሪ ተቓሊያምን ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ውግኣት ተነቝቶምን፣ ከም ውጽኢቱ ዝረኸብዋ ዕድል ተጠቒሞም ንስደት ክውሕዙ ይርኣዩ ኣለዉ። ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቝጸሩ ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ኣብ ፈቐዶ ኵርንዓት ናይ ኤርትራ ኣብ ዝርከብ ኣብያተ ማእሰርቲ ይሳቐዩን ይማስኑን ምህላዎም ውን፡ እትረፍዶ ህዝቢ ኤርትራ፡ ወጻእተኛታት ውን ዝፈልጥዎ ናይ'ዚ ግዜ'ዚ ቀንዲ ዕላል ኰይኑ ኣሎ። እዞም ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ካብ ቤት ማእሰርቲ ፕሪሞ ካንቴሪ ዝሃደሙ 300 እሱራት ውን ብቑዓት ምስክርነት ኢዮም።

ስለ'ዚ፡ እዞም ኣንጻር'ዚ ግፍዕታት'ዚ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ኢሎም ሓሲቦሞ፣ እዞም ንናጻ ምርጫን ናጽነት ናይ ፕረስን ተጣቢቖም፣ ናጻን ፍትሓውን ቤት ፍርዲ ክህሉን ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ክፍትሑን ጠሊቦም ዘይፈልጡ ኣብ ደገ ዝነብሩ ደገፍቲ ዲክታቶርን ጭቆናን ዝኾኑ ኤርትራውያን፣ ሎሚ፡ ኣብ መሰላት ናይ ደቂ ሰባት ዘኽብሩ ሃገራት ምዕራብ ኰይኖም፡ ኣንጻር'ቲ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳያስ ተነቢሩ ዘሎ ማዕቀብ ሰላማዊ ሰልፊ ንገብር ኣሎና ክብሉ ፈጺሙ ዘምሕረሎም ኣይኮነን። ንምኻኑ'ኸ፡ ስለምንታይ ኢዩ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ፡ ዋላ ኣንጻር'ዚ ናይ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ማዕቀብ ሰላማዊ ሰልፊ ክግበር ዘይፍቀድ ኢሎም ንነብሶም ሓቲቶም'ዶ ይፈልጡ ይኾኑ?

ንጕስጓስ ስርዓት ኢሳያስ ተቐቢሎም ዝገብርዎ ዘለዉ ሰላማዊ ሰልፊ እምበኣር፡ ይፍለጥዎ ኣይፍለጥዎ ብዘየገድስ፡ ንጹሃት ዜጋታት ኤርትራ ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ኣብ ማእሰርቲ ከብልዩ፣ መንእሰያትና ንዘይተረደተ ግዜ ኣገልገልቲ ስርዓት ኢሳያስ ክኾኑን ንስደት

ክውሕዙን፣ ብሓጺሩ፡ ዕምርን ጭቆናን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ክቕጽልን ዲሞክራስያዊትን ፍትሓዊትን ኤርትራ ጋህዲ ክይኮነት ክትተርፍን ኢዮም ዝጠልቡ ዘለዉ።

ገለገለ እቲ ማዕቀብ ንህዝብና ክሃስዮ'ዩ ኢሎም ዝሓስቡን ዝሻቐሉን ዜጋታት ኣይሰኣኑን ኢዮም። ግን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ስርዓት ኢሳያስ ብዝፈጠሮ ማዕቀብ ክሳቐ ከምዝጸንሐ ከመይ ኣቢሉ'ዩ ክስወርም ክኢሉ። ነጋዳይ ከይነግድ ሊቸንስኡ ተመንዚዑ፡ ሓረስታይ ከይሓርስ፡ መሬቱን ደቁን ትራክተራቱን ስኢኑ፣ ተምሃራይ፡ መንእሰይ፡ ሰራሕተኛ፡ ድፍዓት ኰይኑ ገዛውቶም፣ ካብ ቦታ ንቦታ እተርፍዶ ሰብን ኣቕሑትን፡ ብሑቕ ውን ከይንቀቐስ ተኣጊዱ፣ ፍልይ ዝበለ ርእይቶ ዘለዎ ዜጋ ጕዳጕዲ ኰይኑ ሰፈሩ። ካብ'ዚ ዝኸፍእ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ክፍጸም ዝኽእል መቕጻዕትን ማዕቀብን ኣሎ ድዩ?!!

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ዝወሰኖ ማዕቀብ ብኣንጻሩ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘቕንዐ ኢዩ። መራሕቲ ኤርትራ፡ ኣጽዋር ከይገዝኡን ከይሸጡን፡ መራሕቲ ኤርትራ ከይንቀሳቐሱ፡ መራሕቲ ኤርትራ ዝውንንዎ ንብረትን ገንዘብን ክድስክል እኳ'ዩ ዝብል ውሳኔ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት። ነዚ ኣንጻር መራሕቲ ስርዓት ህግደፍ ዘቕንዐ ማዕቀብ ምቅዋም፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብስርዓት ኢሳያስ ዝፍጸም ዘሎ ማዕቀብ ከኣ፡ ዓይንኻ ዓሚትካ ምሕላፍ ብፍጹም ቅቡል ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ክንዲ ፍረ ኣድሪ ትኸውን መግለጺ ናይ ፍቕሪ ሃገር ይኹን ፍቕሪ ህዝቢ ውን የብሉን።

ስለዝኾነ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ኣንቢርዎ ዘሎ ማዕቀብ ቅኑዕ ኢዩ። ዲክታቶራዊ ስርዓት ኣስመራ፡ በዚ ማዕቀብ'ዚ ኣብ ሓጺር እዋን ክወድቕ'ዩ ምባል ዘይከኣል'ኳ እንተኾነ፣ እቲ ናይ ምዕፋንን ውግኣት ናይ ምሕጽታርን ዓቕምታቱ ክዳኸም ምኻኑ ኣየጠራጥርን ኢዩ። ካብ ምድኻም መሓውራት ዲክታቶር ዝረብሕ ድማ ጭቁን ህዝቢ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ብደገፍቲ'ቲ ስርዓት ኣብ ጅኒቭ፡ ዋሺንግተን ዲሲ፡ መልበርን ...ወዘተ ዝግበር ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ንመሓውር ጭቆና ዘደልድልን ንዕምሪ ዲክታቶር ዘናውሕን ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ትርጕም ክህልዎ ኣይክእልን ኢዩ። ህዝብና፡ በዚ ሰላማዊ ሰልፊ'ዚ ዝረኽቦ ዝኾነ ይኹን ፋይዳ የብሉን።

ህዝብና፡ ካብ'ዚ ዘሕልፎ ዘሎ ሕማቕ መነባብሮ ክገላገል እንተደኣኰይኑ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ተመሓዩ ክድርበ ኣለዎ። ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኣስመራ ዝወሰኖ ማዕቀብ፡ ሓደ ካብ'ቶም ነዚ ስርዓት ንምውዳቕ ዝሕግዙ ረቛሒት ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቲ ወሳኒ ናይ ውድቀቱ ረቛሒ ግን፡ ህዝብና ኣንጻር ስርዓት ኢሳያስ ዘካይዶ ቃልስን ዝገብሮ ተቓውሞን ኢዩ።

ስለ'ዚ፡ እቶም ብህዝቦምን ብሃገሮም ዝግደሱ ዜጋታት፡ ኣንጻር'ቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝግበር ተቓውሞታት ደኣ'ምበር፣ ኣብ'ቲ ስርዓት ንረብሓኡ ክብል ዝጐሳጕሶ ሰላማዊ ሰልፍታት ክሳተፉ ኣይግባእን። በዚ ስርዓት ኢሳያስ ዝገብሮ ሰላማዊ ሰልፍታት፡ ውሳኔታት ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ክቕየር'ዩ ኢልካ ምሕሳብ የዋህነት ኢዩ። ስርዓት ኤርትራ፡ ነቲ ብባይቶ ጸጥታ ይኹን ብኣፍሪቃዊ ሕብረት ብተዳጋጋሚ ዝቐረበሉ እሞ፡ ደጋጊሙ ዝተሓሰሞ፡ ኣጻዋር ንተቓወምቲ ውድባት ሶማል ኣይተቐብሉ፣ ሰራዊታት ጅቡትን ኤርትራን ካብ'ቲ ንክልቲኡ ሃገራት ዘስሓሕብ ዘሎ መሬት ይውጽኡ ዝብል ውሳኔ ከይተገብረ፣ እቲ ውሳኔ ክኸርር እንተዘይኰይኑ ክፈኾስ ከምዘይኰነ ፍሉጥ ኢዩ። ኢሳያስን መጋበርያታቱን ድማ፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ኣዐርዮም ይፈልጥዎን ይርድእዎን ኢዮም። ዕላምኦም እምበኣር ነቲ ውሳኔ ንምቕያር ዘይኮነስ፡ ነቲ ብግጉይ ተግባራቶም ዝኸሰርዎ ደገፍን ምድንጋጽን ናይ ህዝብን ፈተውትን ኣደናጊሮም ክዓጽፍዎ እንተኽኣሉ፣ ከምኡ ውን፡ ነቲ ብማዕቀብ ምንጻፉ ዘይተርፍ ማሕፉዳኦም፡ ገለ መቃነዪ ዝኸውን ጠሊ እንተረኸብሉ ንምፍታን ኢዩ።